*Insticksblad till SABOs broschyr* ***Att bo i hyresrätt***
*Språk: Tigrinja*

*Sidan 1 ገጽ 1*

# ኣብ ገዛ-ኽራይ ምቕማጥ

*ንዓኹም ነቶም ኣብ ገዛ-ኽራይ ንእትነብሩ ጠቓሚ ዝኾነ ሓበሬታ*

*Sidan 2 ገጽ 2*

ኣብዚ ብሮሹር'ዚ ንዓኹም ነቶም ኣብ ገዛ-ኽራይ እትነብሩ ኣገዳሲ እዩ ዝበልናዮ ሓበሬታ ኣኪብናልኩም ኣለና። ኣብዚ ብሮሺር ሓላፍነት ተኻራዪን ኣካራይን እንታይ እዩ፣ ንእትካረይዎ ገዛ ብኸመይ ኣገባብ ብጽቡቕ ክትከናኸንዎ ትኽእሉ ከምኡ ውን ካልእ ንሓቢርካ ምንባር ዝምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታን ሒዙ ይርከብ።

*Sidan 3 ገጽ 3*

**ኣገዳሲ ክትሓስብዎ ዝግባእ ነገር**

- እትነብሩሉ ገዛ-ኽራይ ኣብ ጥዑይ ኩነትን ኩሉ መሳለጥያታቱ ዝሰርሕን ክኸውን ኣለዎ።
- ዝተኻረኹሞ ገዛ-ኽራይ ምክንኻንን ክራይ ገዛ ኣብ እዋንኩም ምኽፋልን ሓላፍነትኩም እዩ። .

ክራይ-ገዛ ኣብ እዋንኩም ክፈሉ
ክራይ-ገዛ ኣብ እዋኑ ምኽፍል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እትኽፍልዎ ክራይ ገዛ ናይ ዝቕጽል ወርሒ እዩ። እትኽፍልዎ ዕለት ከኣ፡ መወዳእታ መዓልቲ-ስራሕ ኣብ ወርሒ እዩ።

ክራይ-ገዛ ኣብ እዋንኩም ምስ ዘይትኸፍሉ ውዕል ክራይ ገዛኹም ከኽትም ይኽእል እዩ። ብዝኾነ ምኽንያት ምኽፋል ምስ ዝጽግመኩም ምስ ኣካራዪ ብዝቐልጠፈ ምዝርራብ የድልየኩም።

ምኽሪ! መብዛሕትኦም ሰባት ክራይ-ገዛ ብመንገዲ ኣውቶጂሮ ወይ ውን ኤለክትሮኒካዊ ፋክቱራ ማለት ኢ-ፋክቱራ ምኽፋል ስሉጥ እዩ ይብሉ። ነዚ ኣገባብ ኣከፋፍላ ዝምልከት ዝኾነ ሓበሬታ ምስ ዘድልየኩም ምስ ኣካራዪ ትካል ተዘራረቡ።

መፋቲሕኩም ተቆጻጸሩ

ኣብ ሓድሽ ገዛ ኽራይ ክትኣትዉ እንከለኹም ብርክት ዝበለ መፋትሕ ይወሃበኩም። ብዜካ መፍትሕ ናይ መንበሪ-ገዛ፡ መፍቲሕ መእተዊ ማዕጾ ህንጻ፡ መሕጸቢ-ክድውንቲ ከምኡ ውን መኻዚኖ ይወሃበኩም እዩ። ቅኑዕ መፋጢሕ ከም ዝተዋህበኩምን ክንደይ ከምተዋህበኩምን ተቆጻጸሩ። መፍቲሕ ምዕቃብ ናትኩም ሓላፍነት እዩ። መፋቲሕኩም ኣገዳሲ ምኺኑ ኣይትረስዑ።

እጠንቃቒት ባርዕ ትሰርሕ ምህላዋ ኣረጋግጹ
ሓዊ ክቃጸል ምስ ዝጅምር፡ ኣጠንቃቒት ባርዕ ንሂወትኩምን ካልኦትን ከተድሕን ትኽእል እያ። ኣካራዪ ኣብ መንበሪ-ቤትኩም፡ ኣጠንቃቒት-ባርዕ ክህሉ ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ። ንስኽእትኩም ከኣ ትሰርሕ ምኺና ከተረጋግጹ ኣለኩም። ኣብቲ ናይ ፈተነ መልጎም ብምጥዋቕ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ጸጸኒሕኩም ፈትንዋ። ብፍላይ

ጌሽኩም ድሕሪ ምምላስኩም፡ እቲ ካርቦን ናይታ ኣጠንቃቒት ሞይቱ ክኸውን ስለዝኽእል ትሰርሕ ምህላዋ ምርግጋጽ ኣገዳሲ እዩ። እታ ኣጠንቃቒት ትሰርሕ ምስ ዘይትሀሉ ምስ ኣካራዪ ተዘራረቡ።

ናይ ገዛ ኢንሹራንስ ይሃልኹም

ናይ ገዛ ኢንሹራንስ ምህላው ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ገዛኹም ወይ ንብረትኩም ዝኾነ ነገር ምስ ዝኸውን፡ ኢንሹራንስ-ገዛ፡ ቁጠባዊ ድጋፍ ከውሕሰልኩም ይኽእል እዩ። ንኣብነት ገዛኹም ክቃጸል ምስ ዝጅምር፡ መሕወዪ ናይ ብባርዕ ዝተሃስየ ንብረት ቁጠባዊ ሓገዝ ክወሃበኩም ይኽእል።

ንኣብነት ብናትኩም ጸገም ሓደጋ ባርዕ ምስ ዝኽሰት ኢንሹራንስ ገዛ ናይ ድጋፍ ድርዒ ክኾነኩም ይኽእል እዩ።

መብዛሕትኡ ኢንሹራን-ገዛ ድሕነት ካብ ስርቅን ሕጋዊ ድጋፍን ዘማልአ እዩ።

ምኽሪ! ኩሉ እትውንንዎ ዋጋ ዘለዎ ኣገዳሲ ነገራት ጽሓፍዎን ሰኣልዎን። ሓገዝ ንምርካብ ኣብ እትመልክቱሉ እዋን ነቲ መስርሕ ከቃልለልኩም ይኽእል እዩ።

*Sidan 4 ገጽ 4*

**መንበሪ-ገዛኹም ብጽፈት ሓዙ**
መንበሪ-ገዛኹም ብጽፈት ምሓዝን ምክንኻንን ናታትኩም ሓላፍነት እዩ፡

- ኣብ ሰሓብቲ ጨና ክሽነ ዝርከብ መንፊት መሰሊ ፊልተር ኣጽርይዎ።
- ነቲ ኣብ ኣስታኹት ማይ ናይ ባኞ ዝርከብ ጸጒሪን ርስሓትን ጽረግዎ።
- ላዕለዋይን ታሕተዋይን ክፋላት ፍሪጅ ዝእከብ ብረድ ጽረግዎ
- ዳሕረዋይ ክፋላት እቶንን ፍሪጅን ኣጽርይዎ
- መእተውን ንፋስ ናይ ገዛ ተቆጻጸሩን ኣጽርዩን።

ብልሽት ምስ ዘጋጥም ብቐጥታ ሓብሩ
ማይ ብገለ ክልሑኽ ምስ ዝጅምር ወይ ውን ትኺን ምስ እትርእዩ ብዝቐልጠፈ ምስ ኣካራዪ ተዘራረቡ። ብልሽት ብቐጥታ ምስ ዘይትሕብሩ፡ ገለ ካብኣቶም ባዕልኹም ክትከፍሉዎም ትግደዱ።

ምሸትን ቀዳመን-ሰንበትን ዝኾነ ዘየጽንሕ ዓይነት ብልሽት ምስ ዘጋጥም ክትድውሉሉ ትኽእሉ ናይ ህጹጽ ሓገዝ ቁጽሪ ኣሎ። ንኣካራዪኹም ብዝምልከት እቲ ኣሰራርሓ ከመይ ይመስል ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

ምኽሪ! ኣገደስቲ እትብልዎም ቁጽሪ-ስልኪታት ኣብ ሞባይልኩም ክትምዝግብዎ ወይ ውን ኣብ ወረቐት ብምጽሓፍ ኣብ ጽቡቕ ቦታ ኣብ ገዛ ጠቕዕዎ። ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ሸበድበድ ካብ ምባል ከድሕነኩም ይኽእል።

ትቦ-ርስሓት ምስ ምስ ዝዕበስ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ትቦ-ርስሓት ምስ ዝዕበስ፡ ነቲ ዓቢሱዎ ዘሎ ነገር ክትኣልይዎ ፈትኑ። ክትኣልይዎ ምስ ዘይትኽእሉ ብዝቐልጠፈ ምስ ኣካርዪ-ትካል ብምርኻብ ተዘራረብኩም ነቲ ጸገም ሓብርዎም። ነቲ ትቦ ዝዓበሰ ነገር ንምእላይ፡ ዝኾነ ከም ሉት ዝኣመሰለ ከሚካል ከይትጥቀሙ። ሕልፍ ሕልፍ ኢልኩም ኣብ መስተኹ ማይ ላቫጆን ባኞን ዝእከብ ተረፍ-መረፍ ጸጒሪን ካልእ ርስሓትን ምእላይ ናታትኩም ሓላፍነት እዩ።

ናይ ገዛ ምትዕርራያት ክገብር ይኽእል ድየ?
ነቲ እትንብርዎ ገዛ ምትዕርራያት ክትገብሩሉ ምስ እትደልዩ፡ ኣካራዪ ፍቓድ ክህበኩም ኣለዎ። ቦያ ክትለኽዩ ወይ ውን ናይ መንደቕ ተለጣፊ ወረቐት ክትቕይሩ ምስ እትደልዩ ሞያዊ ቅጥዒ ዝሓለወ ክኸውን ኣለዎ ጥራይ ዘይኮነስ ብዙሕ ምቕይያራት ዘስዕብ ውን ክኸውን የብሉን። ክንጸረልኩም ምስ እትደልዩ ምስ ኣካራዪ ተዘራረቡ። ኩሉ ወጻኢታት ከኣ ባዕልኹም ኢኹም ትሸፍንዎ።

ዝኾነ ነገራት ንምንጥልጣል ወይ ምስቃል ኣብ መንደቕን ናሕስን ምብሳዕ ብመጠኑ ይፍቀደኩም እዩ። ኣብ ጌጋ ቦታ ምስ እተንኩሉ ወይ ውን ብዙሕ ነኺላት ኣንኲልኩም ተባሂሉ ገንዘብ ከይትቕጽዑ ምእንቲ ቅድሚ ዝኾነ ነገር ምግባር ምስ ኣካራዪ ተዘራረቡ። ኣብ ባኞ ብዘይፍቓድ ኣካራዪ ብፍጹም ዝኾነ ነኺል ምብሳዕ ኣይፍቐድን እዩ።

ኣብ ገዛይ ኣምፑልን ካልእ መሳለጥያታት ኤለትሪክ ባዕለይ ክቕይር ይኽእል`ዶ?

ገለ ውሱን ነገራት ባዕልኹም ክትእይሩ ትኽእሉ ኮይንኩም፡ ኣፍልጦ ናይቲ እትገብርዎ ነገር ክህለኩም ግን ኣለዎ። ክትገብርዎ ዝፍቐድ፡-

- ኣምፑልን ፍሎረሰንቲ (ተጸርጋዊ) ምቕያር
- ስፒና ወይ ተሰኳዒ ኤለትሪክ ከምኡ ውን ፍዩዝ ወይ ቫልቮላ ምቕያር
- ማይ ኣብ ዘይብሉ ቦታታት ኤለትሪክ ምውላዕን ምቕያርን

ስዊች (መወልዕን መጥፍእን መብራህቲ)፡ ሶኬት መንደቕ ኤለትሪክ ወይ ውን ካልእ ቀወምቲ ኤለትሪካዊ ነገራት ምቕያር ወይ ውን ምዕራይ ንዝምልከት ምስ ኣካራዪ ትካል ክትዘራረቡ ኣለኩም። ንምግጥጣም ኤለትሪካዊ ነገራት ብዝምልከት ወትሩ ክኢላ ናይ ኤለትሪክ ተወከሱ።

ንጽሬት ዝምልከት ምኽሪ
ምነበሪ-ገዛውቲ ሽወደን፡ ኣብ ክፍላ በረድ ማሙቕ ክኸውን ስለዝተሰርሐ ጠሊ ሃስያ ከስዕበሉ ይኽእል እዩ።

ገዛ ከተጽርዩ እንከለኹም ብዙሕ ማይ ኣይትጠቀሙ።ኣብ ምድሪ-ቤት ማይ ዝበሃል ጥብ ከይተብሉ! ምድሪ-ቤትን ካልእ ክፋላት ገዛ ውትሩ ካብ ማይ ነጻ ምኳኖም ወይ ምንቃጾም ኣረጋግጹ።

ጠሊ ዝሓዘለ ንፋስ ንምውጻእ ካብ ዝብል ኣባይቲ መተንፈሲ ነኺላት ኣለዎም። ስለዝኾነ ከኣ እቶም መተንፈሲ መስኮታት ዓመት ምሉእ ክፉታት ክኾኑ ኣለዎም።

*Sidan 5 ገጽ 5*

*ማይ ክልሑኹ ምስ እትዕዘቡ ብዝቐልጠፈ ንኣካራዪ ሓብሩ!*

*Sidan 6 ገጽ 6*

*ኩሎም ተኻረይቲ ንሓባራዊ ቦታታት ብዝምልከት ሓባራዊ ሓላፍነት ኣለዎም።*

*Sidan 7   ገጽ 7*

**ኣኸብሮት ወይ ግምት ምሃብ**
ንኣብ ከባቢኻ ዝነብር ግምት ብሃብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ብፍላይ ኣብ ሰዓታት 22:00 ክሳብ 07:00 ኣብ ዘሎ ግዜ። ንጎረባብትኹም ምእንቲ ከይትርብሹ እዚ ዝስዕብ ግበሩ፦

- ኣብ መሰልል ድምጺ ከያዳይ እዩ። ኣብ ኣስካላ ሙግያይ ምጽዋት ወይ ውን ማዕጾ ገው ኣቢልካ ምዕጻው ንኻልኦት ይርብሽ እዩ።
- ከም ተኻረይቲ መጠን ኣጋይሽኩም ጎረባብቲ ከይርብሹ ሓላፍነት ኣለኩም።
- ናይ ቲቪ፡ ኮምፕዩተር ከምኡ ውን ስፒከር ድምጺ እምብዛ ዓው ክብል የብሉን።
- እዋን ሕላፍ፡ ድምጺ ክገብር ካብ ዝኽእል ኣብ መደቕ ምንኳል ወይ ውን ምስማር ምስኳዕ ተቆጠቡ።
- ፌስታ ምግባር ደስ ዝብል ነገር እዩ። ንጎረባብትኹም ግን ኣቐዲምኩም ሓብርዎም።

1. ኣብ ገዛኹም ርግኣትን ጸጽታን ክወሓሰልኩም ኣለዎ። ምስ እትርበሹ፡ ብመጀመርያ ምስቲ ዝርብሽ ዘሎ ጎሬበት ተዘራረቡ።
2. ድሕሪ ምሕባርኩም ምርባሽ ደው ምስ ዘየብል ከኣ-ምስ ኣካርዩ ትካል ተዘራረቡ።
3. እቲ ረበሻ ኣዝዩ ኣናዋጺ ኮይኑ ምሸት ወይ ውን ኣብ ቀዳመ-ሰንበት ምስ ዝኸውን ናብ መስመር ሕላፍ-ሰዓት (störningsjour) ናይ ኣካራዪ ትካል ደዊልኩም ሓብሩ። እቲ ረበሻ ኣዝዩ ሓደጋኛ ወይ ውን ካልእ ሳዕቤናት ዘኸትል ምስ ዝመስል ከኣ ናብ ፖሊስ ደውሉ። ስምኩም ኣድራሻኹም፡ ቁጽሪ-ስልክኹምን እቲ ጸገም እንታይ ምዃኑን ዝርብሸኩም ዘሎ መን ከም ዝበሃልን ሓብሩ።

*ብቐጻሊ ንጎረባብቲ ዝርብሽ ተኻራዪ ናይ ምክራይ መሰሉ ክግፈፍ ይኽእል።*

ኣብ ኣፍ መደያይቦ ህንጻ ናይ ዓረብያ-ቆልዑ ደው ስለዘየበልኩም ነመስግን!

መደያይቦ ህንጻ፡ መውጽኢ ካብ ሓደጋ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ፡ መድሓንቲ-ሓዊ ዝኾነ ምስ ዘጋጥም ናብቲ ህንጻ ምእንቲ ምቕጽበት ክኣትዉ፡ እቲ መደያይቦ ብዝኾነ ነገር ክዕጾ የብሉን።

ዓረብያ-ቆልዑ፡ ጫማ ወይ ውን ሽግሌታ ኣብ መእተዊ ህንጻ ይኹን ኣብ መደያይቦ ህንጻ ክግረሹ የብሎምን። ብተመሳሳሊ ርስሓት ዝሓዘ ፌስታል፡ ኣቑሑ ወይ ውን ካልእ ንብረት ውን ኣብዚ ዝተባህለ ቦታ ብፍጹም ክቕመጥ የብሉን። እዚ ዝተጠቕሰ ነገራት ኣብ መተሓላለፊ መኻዚኖን ኣብ ቅድሚ መኻዚኖን ውን ክቕመጥ የብሉን።

እዚ ምትሕልላፍ የተዓናቕፍ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሓደጋ ባርዕ ውን ከኸትል ይኽእል እዩ።

ምኽሪ! ኣብ እትንብሩሉ ህንጻ ፍሉይ መቐመጢ ዓረብያ-ቆልዑ ክህሉ ይኽእል? ስለዝኾነ ንኣካራዪ ሕተቱ ኢኹም።

ሕግታት መሕጸቢ-ኪዳን
መሕጸቢ ኪዳን ምስ ጎረባብቲኹም ብሓባር ኢኹም ትጥቀሙ። መሕጸቢ-ኪዳን ክትጥቀሙላ ክትደልዩ እንከለኹም ኣቐዲምኩም ግዜ ትሕዙ። እቶም ተታሒዞም ዘለዉ ግዜ ኣኽብሩ።
ሓጺብኩም ምስ ወዳእኩም ነቲ ቦታ ኣጽርይዎ ኢኹም።

ኣብ መንበሪ-ገዛ እንስሳታት ክህልዉኒ ይፍቐድ ድዩ?
ኣብ ውዕል-ክራይ ካልእ ነዚ ዝጸረር ነገር ምስ ዘይህሉ እንስሳታት ክህልወካ ይፍቀድ እዩ። ይኹን እምበር ነዚ ዝስዕብ ነገራት ኣብ ግምት የእትዉ፦

- እንሳታት ብዘይ ሰብ ኣይትፈንዉ።
- ኣብ ከባቢ መንበሪ-ኣባይቲ እንስሳታት ማእሰር ጌርኩም ኣዛውርዎም።
- ኣኽላባትን ደማሙን ኣብ ከባቢታት መንበሪ ከይሸኑ ተጠንቀቁ። ብፍላይ ኣብ ከባቢ መጻወቲ ናይ ህጻናት።

ጎሓፍኩም ብግቡእ ፈላሊኹም ጎሓፉ
ጎሓፍኩም ኣበይ ከም ትድርብይዎ ረኣዩ። ጋዜጣታትን መዐሸጊ መግቢ ባኮታትን ነንበይኑ ተፈላልዩ ክጎሓፍ ኣለዎ። ካብ ጥርሙዝ፡ ሓጺን፡ ፕላስቲክን ወረቐትን ዝተሰርሑ መዐሸጊ ኣብ ፍሉይ ገረወናታት ጎሓፍ ክድርበ ኣለዎ። ኣብ ገለ ገለ እዋናት ጉሓፍ-መግቢ ውን ኣብ ተፈላልዩ ክጎሓፍ ይኽእል።

ሓደገኛ ዝኾነ ጎሓፋት ከም ንኣብነት፡ ባተርያ፡ ከሚካላት ከምኡ ውን ኤለክትሪካዊ መሳርሒታት ምስ ካልእ ግሓፍ ሓዊስካ ክጎሓፍ የብሉን። እዚ ዝተጠቕሰ ዓይነት ጎሓፍ ኣብቲ ንዕኡ ዝተዳለወ መጉሓፊ ክድርበ ኣለዎ። ገዘፍቲ ዝድርበዩ ነገራት ከም ንኣብነት ዝተሰብረ ኣቑሑ ኣብ ገለ ገለ እዋናት ኣብ ፍሉይ ቦታታት ክጎሓፍ ከም ዘለዎ ይግበር እዩ።

ንጉሓፍ ዝምልከት መምርሒታት እንታይ ከም ዝመስል ምስ ኣካራዪ ተዛረቡ።

*Sidan 8* ገጽ 8

**ሕቶን መልስን**

**ክራይ እንታይ ዘጠቓለለ እዩ?**
ክራይ ወትሩ ብዜካ ኤለትሪክ ካልእ ነገር ኩሉ ዘጠቓለለ እዩ። ውዕል ክራይ ካልእ ነገር ዘስፈረ ምስ ዘይከውን፡ ክራይ ገዛ ወትሩ ንሙቐት፡ ማይ፡ መጉሓፊ፡ ከምኡ ውን ምጽራይ መደያይቦን የጠቓልል።

**መንበሪ-ጋዛይ ክቕይር ይኽእል`ዶ?**
ቀጥታዊ ውዕል ክራይ ምስ ዝህልወኩም፡ ነቲ ገዛ ናይ ምቕያር ጠለብ ምስ ዝቕበሎ ገዛ ምቕያር ጸገም ኣይህልዎን እዩ። እቲ ኩነታት ፍሉይ ምስ ዝኸውን ኣካራዪ ነቲ ናይ ምቕያር ጠለብ ምስ ዝነጽጎ፡ ተጸዋዒ ጉዳያት ክራይ-ኣባይቲ (hyresnämnden) ነቲ ምቕያር ከም ዝፍቀድ ክገብሮ ይኽእል እዩ።

**ዝተኸእረኽዎ ገዛ ቅድሚ ምግዳፈይ እንታይ ክገብር ኣለኒ?**
መፍትሕ ገዛ ቅድሚ ምርካብኩም፡ እቲ ገዛ ብደቂቕ ክጸሪ ኣለዎ። መብዛሕትኦም ኣካረይቲ ብኽመይ ከተጽርዩ ትኽእሉ ንዝብል መምርሒታት ዝሓዘ መቆጻጸሪ ዝርዝር ኣለዎም። ነቲ ገዛ ብግቡእ ምስ ዘይተጽርይዎ መጽረዪ ገንዘብ ክትከፍሉ ትግደዱ።

ቅድሚ ምግዓዝኩም ኣካራዪ ሓፈሻዊ ቁጽጽር ኩነታት ገዛ ይገብር እዩ። ዝኾነ ዕንወት ወይ ውን ምልሕጻጽ ምስ ዘጋጥም ነቲ ዕንወት ክትከፍልዎ ትግደዱ ኢኹም።

**ኣብ መንበሪ-ገዛይ ክሳብ ክንደይ ክነብር ይፍቐደኒ?**
ውዕል ክራይ ገዛ ገደብ ግዜ ዘለዎ ወይ ውን ክፉት ንቐጻሊ ክኸውን ይኽእል። ቀጥታዊ ውዕል ክራይ ምስ ዝህልወኩም፡ ኣብቲ ገዛ ናይ ምቕማጥ መሰል ኣለኩም።

እዚ ማለት ከኣ፡ ክሳብ ንስኹም ነቲ ውዕል ክተፍርስዎ ዘይወሰንኩም ኣብቲ ገዛ ናይ ምንባር ምቕማጥ መሰል ኣለኩም። እዚ ኮይኑ ግን፡ እቲ ኣካራዪ ነቲ ውዕል ከፍርስ ዝኽእል ርትዓዊ ምኽንያት ክህልዎ የብሉን።

**ገዛይ ንኻልእ ሰብ ከካርዮ ይኽእል`ዶ?**
ኣካራዪ ምስ ዘፍቅዶ ንኻልእ ሰብ ምክራይ ይከኣል እዩ። ገዛኹም ንኻልእ ከተካርይዎ ንኽፍቀደኩም ቅቡል ዝኾነ ምኽንያታት ክህልወኩም ኣለዎ። ንኣብነት ኣብ ካልእ ከተማ ስራሕ ወይ ውን ትምህርቲ ምስ እትጅምሩ ወይ ውን ምስ ካልእ መጻምዲ ምንባር ትፍትኑ ምስ ትህልዉ። ገዛኹም ብዘይፍቓድ ኣካራዪ ምስ ተካርይዎ፡ ውዕል ክራይኩም ክፈርስ ይኽእል እዩ። ዋላ ምስ ተካርይዎ፡ ክራይ ኣብ ግዜኡ ክኽፈል ከምዘለዎን ጎረባብቲ ክርበሹ ከምዘይብሎምን ምግባር ናትኩም ሓላፍነት እዩ።

**ክግዕዝ እንከለኹ ኣድራሻይ ብኸመይ ክቕይሮ ኣለኒ?**
ካብ ሓአ ገዛ ናብ ካልእ ገዛ ክትግዕዙ እንከለኹም፡ ነቲ ሓድሽ ኣድራሻኹም ኣብ ስካተቨርኬት ብምኻድ ክትቅይርዎ ኣለኩም። ምቕያር ኣድራሻ ብነጻ እዩ ዝግበር። ድሕሪ ምግዓዝኩም ነቲ ኣብ ናይ ቀደም ኣድራሻኹም ዝስደድ ዳብዳቤታት ናብቲ ሓድሽ ኣድራሻኹም ክስደደልኩም (eftersändning) ምስ እትደልዩ ግን ፖስጣ-ቤት ዝተወሰነ ገንዘብ የኽፍለኩም እዩ። ምቕያር ኣድራሻን ምስዳድ ዳብዳቤታት ናብ ሓድሽ ኣድራሻን ክትገብሩ ምስ እትደልዩ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ-ሓበሬታ www.adressandring.se. ኣቲኹም ከትገብርዎ ትኽእሉ።

**ዝነብረሉ ገዛ ክገድፎ ምስ ዝደሊ ብኸመይ ይሕብር?**
ውዕል ክራይ ገዛ ብጽሑፍ መልክዕ እዩ ዘኽትም ወይ ዝፈርስ። ክትገድፍዎ ትደልዩ ምህላውኩም ድሕሪ ምሕባር ንዝተወሰነ ግዜ ክራይ ገዛ ትኸፍሉ ኢኹም። እዚ ኸኣ መሰጋገሪ ግዜ (uppsägningstid) ይበሃል። መሰጋገሪ-ግዜ ኣብ ክንደይ ምዃኑ ኣብ ውዕል ክራይ ሰፊሩ ይርከብ እዩ። ንኣብነት ዕለት 24 ምያዝያ ገዛ ክገድፎ እየ ኢልኩም ምስ እትሕብሩ፡ እቲ ውዕል ብዕሊ ዝፈርሰሉ ግዜ 31 ሓምለ እዩ። ስለዝ ኸኣ ክሳብ እዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ክራይ-ገዛ ክትከፍሉ ኣለኩም።

*ካልእ ክትፈልጥዎ እትደልዩ ነገር ምስ ዝህሉ ምስ ኣካራዪ ትካል ተዘራረቡ።*